ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

ፈጻሚ ኣካል

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية

الهيئة التنفيذية

**ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT**

Executive Committee

ensf.ex@gmail.com

---

# ቃል ሓዘን ብዕርፍቲ
# ዓቢ ተጋዳላይ ኣሕመድ ኢብራሂም (ስክረተር)

ዓቢ ሃገራዊ ተጋዳላይን ካብ'ቶም ታሪኻውያን መራሕቲ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝኾነ ኣቶ ኣሕመድ መሓመድ ኢብራሂም ሓዞት (ኣሕመድ ስክረተር)፣ ድሕሪ ናይ ሓጺር ግዜ ሕማም ብሰንበት ዕለት 29/03/2020 ኣብ ከተማ ስቶክሆልም - ሽወደን ካብዛ ዓለም ብሞት ተፈሊዩና።



ተጋዳላይ ኣሕመድ ኢብራሂም ኣብቲ ብተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝምራሕ ዝነበረ ሃገራዊ ቃልሰን መስርሕ ምዕባሌ ሰውራናን ካብ'ቶም ልሉይ ተራ ዝነበሮ ባእታ ምኳኑ ዝተፈለጠ ኢዩ። ቀጺሉ'ውን ኤርትራ ሓራ ድሕሪ ምውጻኣ፣ ህዝብና ሓርነቱ ተጓናጺፉን ሰብኣዊ ክብሩ ተሓሊዩን እፎይታን ቅሳነትን ፍትሕን ዘረጋግጸሉ ስርዓት ንምትካል ህዝብና ኣንጻር ምልካዊ ስርዓት ኣብ ዘካይዶ ዘሎ ቃልሲ፣ ተጋዳላይ ኣሕመድ ስክረተር ኣካሉ ኮይኑ ሃገራዊ ተርኡ ካብ ምጽዋት ዓዲ ኣይወዓለን።

ብሞት ክቡር ተጋዳላይ ኣሕመድ ኢብራሂም ሓዙት ዝተሰማዓንና መሪር ሓዘን ብምግልጽ፣ ንክቡራት ስድራ ቤቱን ናይ ቃልሲ ብጾቱን ብስም ኩሎም ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ናይ ሓዘኖም ተኻፈልቲ ምኳንና ነረጋግጽ። ንክቡር ተጋዳላይ ኣሕመድ ስክረተ ልዑል ፈጣሪ ኣብ ሰፊሕ ገነቱ ይቀበሎ፣ ንቤተሰብን ፈተውትን ድማ ጽንዓትን ኣኻእሉን ይሃበና።

ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ
30/03/2020